# ምእካብ ድዩ ምምዳብ?
# ርጡብ መልሲ ይወሃብ

**ብወደባት ኤርትራ ግርማይ ኪዳነ (ወዲ ፊሊፖ)**

**ሚላኖ. . . ኢጣልያ ዕለት፥ 06/03/2018**




ብዕለት 25/02/2018 ካብ ግዱሳት ኤርትራውያን ነበርቲ ኣብ ኣትላንታ (Atlanta) ሰሜን ኣሜሪካ ንዓለመለኻዊ ዋዕላ ኤርትራውያን ዘተንበህ ዕድመ ብምምባበይ ከምኡ ኸኣ ኣብቲ ትሕዝቶ መደብ ሰፊሩ ዘሎ ነጥብታት ወይ ክወዓለሉ ተባሂሉ ዘሎ ትሕዝቶታት ብወገነይ ኣድማዒ ውጽኢት ክህልዎ ዝድለን እንተድኣ ኾይኑ፡ ካብ ሕጂ ብሩህ ኮይኑ ክግለጽ ዝብሎ ርእይቶ ክህብ ኣፍቅዱለይ።

ብዛዕባ ጽባሕ ክትዛረብ፡ እቲ ንጽባሕ እትብሎ መበገሲ ሓተታ ስለ ዘለዎ፡ እቲ ንጽባሕ ዝበሃል ትማሊ ወይ ቅድሚኡ እንታይ ስለ ዝተገብረ ወይ ዝኀደለ ዘኪርካ ዓላማኻ ኣድማዒ ውጽኢት ክህልዎ ባይታ ክትፈጥረሉ ናይ ግድን እዩ።

ነዚ ከም መወከስ ተጠቒመ ኸኣ ኣብዚ ዘበነ ናጽነት ዝበሃል ጥልመት ዘቕየሔ ዓመታት ክንደይ ግዜ ኣኼባታት ተገይሩ? ክንደይ መብጽዓታት ተማሒሉ?

**ወጽኢቱ. . . . እቲ ብሩህ ሓቂ!. . መሓውር ነቲ ንቃወሞ ዝበሃል ጭፍራ ጥልመት ህ.ግ.ደ.ፍ. ምዃኑ ክሳዕ ሕጂ ምጽንሑ ኣሉ ክበሃል ዘይከኣል እንተተፈቲኑ ኸኣ ንእቲ ህዝቢ ኤርትራ ደሪዑዎ ዘሎ ሕስመት ምቕባል ጥራሕ እዩ።**

ኣብ ብዙሕ ኣኼባታት ዝተባህለን ዝትጨረሑን **ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኹሉ** ካብ ምባልን ምጭራሕንከ እንታይ ኣወንታ ወይ **ኣስር ድሕነት ህዝቢ. . ድሕነት ሃገር** ኣውዒሉ ምስ ዝበሃል **ኤርትራ ሃገር ኣብ ወጥሪ ሕከት. . ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሃጽነት** እንተዘይኮይኑ ዝተገብረ ስለ ዘየልቦ፡ ተዓፊኑ ግዳይ ስቓይ ኮይኑ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ግፍዒ ጭፍራ ህ.ግ.ደ.ፍ. ከም ንቡር ቆጺሩ ካብ ደምበ ተቓውሞ ኸኣ ተስፋ ቆሪጹ እንተተባህለ ጻዕዳ ሓቂ እዩ።

ጥራሕ ነብሱ ዝጎይይ. . . ክዳን ተኸዲኑ ኢሉ ዝሓልይ ኣብ ዓለም ተሰሚዑን ተራእዩን ኣይፈልጥን እሞ. . ደምበ ተቓውምና ንሓደ ህ.ግ.ደ.ፍ. ጸላኢና እናበሉ ኣብ ነንሕድሕዶም ዝተሓኻኸሉ ህ.ግ.ደ.ፍ. ይጸንሓልና ኣቐዲምና ነጣጥሕ መጻኢ ራእስነትና ዝዓለመ ወፍሪ ምውፋርም ዘይተረደኦ የለን ክብል እደፍር።

ተበግሶ ጽንዓት ሓጂ ሙሳ መሓመድኑር ካብ ኣኽሪያ (ኣስመራ) ክሳዕ ጠረፍ ወርሒ ድምጹ ሂቡ፡ እቲ ዝተቓልሐ ድምጺ ኸኣ ናይ ሓዝ ክሕዝ ጥምጥም ከጠማጥም ዝግበኦ፡ እነሆ ሎሚ ንጭፍራ ህ.ግ.ደ.ፍ. ጽሕጻሖም ኣብ ምድራዝ ኣብቂዑዎም።

ንተባዕ ተበግሶ ሓጂ ሙሳ መሓመድኑር መቕጸልታ ወፍሪ ብደምበ ተቓውሞ ዝወፈረ ክሳዕ ሕጂ ኣይተራእየን ዝርኤ እውን ኣይመስለን።

# እሞ!

እዚ ሕጂ ዝብሰረና ዘሎ ዓለመለኻዊ ዋዕላ ኤርትራውያን ካብ ሕሉፍ ተማሂሩ ንኹሉ እቲ ዝተዋህለለ ጌጋታት ሰጊሩ ተግባራዊ ውሳኔ ከወስንን ብዘይ ውዓል ሕደር ነታ ተሃንጣያት ጭርሖ. . **ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኹሉ** ኣብ ተግባር ምትርጓምን ዘድምዕ ከኸውን መብጽዓ ይተኣተው ጥራሕ ዘይኮነ እቲ እታ ርእስ ነገር ካብ ሰፊረን ዘለዋ ነጥብታት መደብ እታ. . . **ሽግራትናን ኣፈታትሐኡን፡** እትብል ነጥቢ ዓቢይ ተራ ንኽህልዋ. . ንኹሉ እቲ ኣብዛ ነጥቢ ኣትኪሉ ክገልጽ ኣወንታ ክሔንጽጽ ክኢላ ክሳተፍ ምዕዳምን ምትብባዕን ኣገዳሲ እዩ፡ እቲ ዝስዕብ ተመዲቡ ዘሎ ነጥብታት ኣገዳሲ ይኹን ድኣ እምበር ኣገዳስነቱ ክደምዕ እንተድኣ ኾይኑ. . እቲ ሕጂ ወጢሩና ዘሎ ሽግር ፍታሕ ክግበረሉ ስለ ዘለዎ ዝላዓለ ኣተኩሮና **ሽግራትና ብኸመይ ንፈትሕ** ኣብቲ ካልእ ንኽንበጽሕ ካብ ሕጂ ክልዘበሉን ባይታ ክፍጠረሉን ኣለዎ. . . ጥዑይ ገዛ ክህልወካ ክያረጋገጽካ ኣቐሑት ገዛ ምምራጽ ግቡእ ስለዘይኮነ... ሽግርናን ሽግር ህዝብናን ሃገርናን ብኸመይ ይፍታሕ ክይተርጎምና. . . ከምዚዶ ከምዚዶ ክመሓደር ኣለዎ ማለት. . ከም ዓላማ ጭፍራ ህ.ግ.ደ.ፍ. ሃገር እንተተሓከት ህዝቢ እንተጸነተት ናበይ እዩ እቲ ዝበሃል ክትግበር?. . መልሲ!!!

***ሰናይ ቅነ***